

ሃዋርያት

ስብሓት ዘርአ

ኣብ ወንጌልን ኣብ ግብረ ሃዋርያትን

# ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ብኣርኣያ እቶም ሃዋርያት

## 1. ክልተ ዓበይቲ ክፍልታት ህይወት ሃዋርያት - መለበምን ኣርኣያን

ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብቲ፡ ዝሓለፈ ሕታም፡ ተዛቲንሉ ዝነበርና፡ ህይወት ሃዋርያት ኣብቲ ኣርባዕተ ወንጌላትን ኣብ ግብረ ሃዋርያትን ብግልጺ እንዕዘቦ ዓቢ ፍልልይ ኣለዎ። መሰረት ፍልልይ ድማ፡ እቲ ኣብ ግብረ ሃዋርያት ዘሎ ህይወቶምን ኣገልግሎቶምን ብመንፈስ ቅዱስ ድሕሪ ምጥማቖም እዩ። እሞ፡ እቲ ኣብተን ኣርባዕተ ወንጌላት ዘሎ ቀዳማይ ህይወቶም መለበሚና፡ እቲ ኣብ ግብረ ሃዋርያት ዘሎ ዳሕራዋይ ህይወቶም ድማ ኣርኣያና እዩ።

እዚ ኣብ መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት ብምልኡ እንረኽቦ፡ እቶም ሃዋርያት ኣርኣያና ናይ ተመክሮን ህይወትን ቅድስና፡ ከምኡ ድማ ኣርኣያና ናይ ምብሳር ወንጌል ናይ የሱስ ክርስቶስ እዮም።

ሃናንያን ሰጺራን፡ እተፋረቐ ምስዓብ ናይ ክርስቶስ ዝገበሩ እሞ፡ እተኾልፉ፡ ንሶም'ውን ኣሰሮም ከይንስዕብ መለበሚና እዮም (ግብ 5)። ነቶም ዳሕራይ ምሉእ ምስዓብ ዝገበሩ ደቀ-መዛሙርቲ ግና የሱስ ክርስቶስ ከምዚ ይብሎም …

> "…ንስኻትኩም ዝሰዓብኩምኒ፡ ብሓድሽ ልደት፡ በታ ወዲ ሰብ ኣብ ዝፋን ክብሩ ዝቕመጠላ ጊዜ፡ ንስኻትኩም ድማ ኣብ ዓሰርተው ክልተ ዝፋን ተቐሚጥኩም፡ ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ከም እትፈርዱ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ" (ማቴ 19፡28)።

## 2. ትብዓቶም ብዘይ ድርቅና

ብዛዕባ እዞም ኣብ መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት ከምኡ ድማ ኣብተን ኣርባዕተ ወንጌላት እንረኽቦ ዛንታኦም ሃዋርያት፡ ኣብ ክልተ ስእሊ ኢና እነስተብህል ዘሎና።

ኣብቲ ግብረ ሃዋርያት፡ ወንጌል ብስም ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ስለ ዝሰበኹ፡ ዝመሃሩ፡ ትእምርትን ተኣምራትን ድማ ስለ ዝገበሩ፡ ብዙሓት ሰባት ከም ዝኣመኑን ኣብቲ ማሕበር ድማ ከም ተጸምበሩን ንርኢ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ እቲ ሊቀ ካህናት፡ ንሱን ብጾቱን፡ ብቕንኢ ተሸንፊሖም፡ ነቶም ሃዋርያት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕንዎም። ግናስ፡ እዚ'ውን፡ ነቶም ሃዋርያትሲ ኼሕርቖም ኣይከኣለን። በቶም ሓያላት ሰበ-ስልጣናት ፈሪሆም ወይ ርዒዶም'ውን ካብ ኣገልግሎቶም ኪኹለፉ ኣይከኣሉን (ግብ 5፡17-18)።

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣተዉ ድማ መልእኽ እግዚኣብሄር መጺኡ፡ ብለይቲ፡ ብተኣምራት፡ ማዕጾ ናይ እቲ ቤት ማእሰርቲ ከፊቱ ንወጻኢ ኣውጺኡ፡ ነቲ መዓጹ ድማ ከምቲ ዝነበሮ ሸጒሩ፡ ኪዱ፡

ኣብ ቤት መቕደስ ኬንኩም ቃል ህይወት ንህዝቢ ንገሩ በሎም። ንሳቶም ድማ ከምቲ ዝተባህሉዎ ድማ ናብ ቤት መቕደስ ከይዶም፡ ኣብኡ ወንጌል ብዕሊ ይምህሩ ነበሩ። እምበር፡ ከይንእሰር ኢሎም ብፍርሂ ኣኹሪጦም ትም ክብሉ ኣይከኣሉን።

ደጊሞም ድማ ተኣሲሮም። ኣብ ቅድሚ እቶም ሰበ ስልጣናት ምስ ቀረቡ ድማ፡ እቲ ሊቀ ካህናት ከምዚ ኢሉ የፈራርሆም፡

> "... በዚ ስም እዚ ኸይትምህሩዶ ኣምሪርና ኣይከልከልናኩምን? እንሆ ኸኣ፡ ንየሩሳሌም ብትምህርትኹም መሊእኩምዋ ደም እቲ ሰብኣይ እቲ ናብ ልዕሌና ኸተምጽኡ ትደልዩ ኣሎኹም፡ ኢሉ መርመሮም" (ግብ 5፡28)።

## 3. ኣእምሮ ዝመልኦ መልሰም

ምስምስ ዘይብሉ፡ ገለ ምልክት ናይ ፍርሃት'ውን ዘይብሉ መልሲ ናይ ጴጥሮስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 5፡29-32 ዘሎ ከነስተብህለሉ ይግባእ። ጴጥሮስ ብልዕሊኦም ኰይኑ ነቶም ሰበ-ስልጣናት ኺንስሑን ኺኣምኑን ኣበርቲዑ ደኣ ይብድሆም። ክሳዕ ዝሓርቁ ኾይኖም ድማ ክቐትልዎም ተሃንደዱ (ግብ 5፡33)።

ምቕተልዎም ድማ ነይሮም። ግናኸ ኣጋጣሚ ኾይኑ፡ ቀደም፡ ጳውሎስ፡ ሳውል ከሎ፡ ገና ኣማኒ ከይኰነ ከሎ መምህሩ ዝነበረ፡ ገማልኤል ዚብሃል ናይ ሕጊ መምህር ኣብቲ ባይቶ ነይሩ። ብእኡ ምኽንያት ድማ ጴጥሮስን ዮሃንስን ከይተቐትሉ ተረፉ። እቲ ኣጥቢቕካ ምፍርራህን መግረፍትን እኳ ኣይተረፎምን፡ ንምልቃቕ ግና ተለቁ።

እዞም ደቀ-መዛሙርቲ፡ ጴጥሮስን ዮሃንስን ካልኦት ድማ ምስኦም ዝነበሩንሲ እዚ ድምብርጽ ዘይብል ትብዓቶም ካበይ መጸ? እቲ ዘይርታዕ በዳሂ፡ ዝኾነ ሓቂ ዝዓዘዞ ዝህብዎ መልሲኸ ካበይ መጸ? ስለምንታይ እዩ ጴጥሮስ ከም ቀደሙ ወልደፍደፍ ዘይበለ? ድርቕና ድዩ? ኣይፋሉን! እቲ ምስጢሩ ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ናይ ግብሪ ሃዋርያት ተኣሚቱ ንረኽቦ ...

> "መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ክትቕበሉ፡ ኣብ የርሳሌምን ኣብ ኵላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም" (ግብ 1፡8)።

እምበኣርሲ በቲ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ እዮም፡ ብኹለፋታት ከይተኹልፉ፡ ብዕንቅፋታት ኸይተዓንቀፉ፡ ብዝገጠሞም ምፍርራህ ኸይጃጀዉ፡ ብቤት ማእሰርቲ ኸይረዓዱ ንበረኸትን ድሕነትን ድማ ክኾኑ ዝበቕዑ።

## 4. ስምረት ኣመንቲ

እዞም፡ ህይወቶም ኣብ ግብሪ ሃዋርያት እንዕዘቦ ዘሎና ኣመንቲ፡ ውጽኢት ናይ እቲ ዝተቐበልዎ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብቲ ዕጥቆም ጥራይ ኣይኰነን ዝልለ። እቲ መንፍዓትን ትብዓትን ኣርእዮም ንኻልኦት ድማ በረኸት ዝኾኑ፡ ኣብቲ ሕብረቶም፡ ኣብቲ ነንሓድሕዶም ዝነበሮም ስኒትን ምቕዳውን ድማ ተጋሂዱ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ኺገልጾ ኸሎ ድማ፡ "እቶም ዝኣመኑ ኵላቶም ሓንቲ ልብን ሓንቲ ነፍስን ነበሩ፡ ... ሓደ እኳ ... እዚ ናተይ እዩ፡ ዚብል ኣይነበሮምን" (ግብ 4፡32)።

እቲ ቐጽሮምከ ክንደይ ይኸውን

ነይሩ? 3,000 ጸኒሖም፡ ሽዓ ንሽዓ ድማ 5000 ኰይኖም (ግሃ 4:32 3:26 4:4 6:7)። መዓልቲ መዓልቲ ድማ ኣዝዮም ይበዝሑ ነበሩ።

ኣሽሓት ክነሶምሲ ሓንቲ ዝልቦም ነበሩ! እዚ ዓቢ ተኣምራት ናይ ብመንፈስ ቅዱስ መሊኦም እተቐደሱ ኣመንቲ ምኻን እዩ። እዚ ሕጂ ሃሲሱ ዘሎ ስምረት ናይ ኣመንቲ፡ ከምቲ ናይ እዞም ቀዳሞት ኣመንቲ ክሳወር ዝግብኦ እዩ እሞ፡ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ሃረርታ ጥራይ ዘይኰነስ ናይ ወትሩ ጸሎት ኪኸውን ይግባእ።

## 5. ቀሽብ እስጢፋኖስ

እኽሊ ዝመልአ ስፋይ ክሻ፡ እቲ መሊእዎ ዘሎ እኽሊ ብምሉኡ ጽቡቕ ምኻኑ ንምፍላጥ፡ ኣብ እተፈላለየ ወገን ናይቲ እሱር ክሻ ጠሸቕ-ጠሸቕ ኣቢሎም ንመርእዩ ዝኸውን ሒደት እኽሊ ኣውጺኦም ዝርእዩሉ *ቀሽብ* ይብሃል ኣቕሓ ኣሎ። *ቐሸብ* ተጠቒምካ ነቲ ኽሻ ከምኡ ጌርካ ምምርማሩ ድማ *ምቕሻብ* ይብሃል። እምበኣርከስ፡ እስከ ነዚ ግብሪ ሃዋርያት ድማ ከምኡ ቀሺብና ንርኣዮ።

ምዕራፍ ሽዱሽተን ሸውዓተን እንተ ቀሸብና ኣብኡ ንእስጢፋኖስ ንረክብ። እቲ ተመክሮ ናይ ብመንፈስ ቅዱስ ምጥማቕ፡ ናይ ሃዋርያት በረኸት ጥራይ ከም ዘይነበረ ድማ ንግንዘብ። ስለዚ እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ምምላእ እምበኣር ንዝኾነ ተራ ምእመን ድማ ኸኣ እምበር ንፍሉያት ሰባት ጥራይ ከም ዘይነበረን ከም ዘይኰነን፡ ተመክሮ ናይ እስጢፋኖስ ግርም ኣብነት እዩ።

መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ብዛዕባ እስጢፋኖስ ዝምስክሮ ንቕልበሉ። "እምነትን መንፈስ ቅዱስን ዝመልኦ፡ ... ጸጋን ሓይልን መሊእዎ ነበረ ..." (ግብ 6:5-8) ይብሎ። ይኹን እምበር እስጢፋኖስ ካብ ክስን ኣንጻርነትን ተቓዋምነትን ሓራ ኣይወጸን። ግና ኽምርምርዎ ኣብ ዋዕላ ኣቕሪቦም ክዛረብ ምስ ፈቐድሉ፡ እቶም ጸላእቱ ኽይተረፈ፡ በቲ ጸጋ ጠባዩ ክሳዕ ዚግረሙ ከም ዝኾኑ ንርኢ። ሉቃስ እቲ ንመጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ዝጸሓፈ፡ ከም ታሪኽ ኬቕርቦ ከሎ፡ "እቶም ኣብቲ ዋዕላ ተቐሚጦም ዝነበሩ ኵላቶም ድማ ጠመትዎ እሞ ገጹ ኸም ገጽ መልኣኽ ኰይኑ ተራእዮም" ይብል (ጥቕሲ)።

ኣብ ካብቲ ናይ ሽዑ ኣብ ታሪኽ ናይ እስጢፋኖስ ዝስዕቡ ኣርባዕተ ነገራት እስከ ንቕልብ፡

- ኣብቲ ዘቕረቦ መልሲ ገዛእ ርእሱ ምእንቲ ኼድሕን ሓንቲ ቃል እኳ ኣይተዛረበን።
- ነቶም ሰማዕቱ፡ ካብ ኣብርሃም ጀሚሩ ክሳዕ የሱስ ክርስቶስ ዘሎ ታሪኽ እናጠቐሰ ነእምሮ ዘዕግብ ሓቂ ኣብሪሁ ኣበርኪቱሎም።
- ብሕርቃን ዝኣክል ብዳርባ እምኒ እናጨፍጨፉዎ ኸለዉ "ተምበርኪኹ ኸኣ ብዓብዩ ድምጺ፡ ጐይታይ፡ እዚ ሓጢኣት እዚ ኣይትሓዘሎም ኢሉ ጨደረ፡ እዚ ምስ በለውን ዓረፈ" (ግብ 7:60)።

ከመይ ኰይኑ እዩ እስጢፋኖስ ከምኡ ኪኸውን ዝኸኣለ? ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ስለ ዝነበረ እዩ።

እቲ ኣርኣያ ናይ የሱስ ክርስቶስ፡ ኣብቲ ብመንፈስ ቅዱስ እተመልአ እስጢፋኖስ ድማ ንርእዮ።

ህዝበ-ክርስትያን፡ ኣቱም ኣመንቲ እስከ ዝግ ንበል፤ ለልብና ድማ ንመርምር። ካብቲ ኣርኣያ ናይ እስጢፋኖስሲ ኣዚናዶ ርሒቕና ኣየሎናን?

ጳውሎስ ናብ ኣምላኽ እተመልሰ፡ ሃዋርያ ናይ የሱስ ክርስቶስ ድማ ክኸውን ዝኸኣለ ብመንፈስ ቅዱስ እተመልአ ሰብ ከመይ ምኳኑ ድማ ፈለማ እተማህሮ ብእስጢፋኖስ ምኳኑ፡ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ተኣሚቱ ኣሎ (ግብ 7፡58)። እምበኣር ሞት እስጢፋኖስ ንኸንቱ ኣይነበረን፤ ንጳውሎስ ኣፍርዩ።

## 6. ብስራት ወንጌል

ህይወት ናይ እቶም ኣመንቲ፡-

- ቅድሚ ብመንፈስ ቅዱስ ምምላኦም፡ ከምቲ ኣብቲ ኣርባዕተ ወንጌላት ተዋሂቡ ዘሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ ተመልኡ ድማ ህይወቶም ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ዘሎ፡
- እቲ ትብዓቶም ብዘይ ድርቅና ከም ዝነበረ፡
- እቲ ኣእምሮ ዝመልአ መልሶም፡
- እቲ መስተንክር ዝኾነ ስኒቶም፡ ከምኡ'ውን
- እቲ ቀሸብ እስጢፋኖስ፡ ኣብ ዚብሉ ነጥብታት ጥርን ኣቢልና ክንምልከቶ ጸኒሕና።

እምበኣር፡ እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልኡ ሰዓብቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ እንታይ ማለት ምኳኑ፡ ካብቲ ህይወት ናይ እዞም ቀዳሞት ክርስትያናት እኹል መረድኢ ኸም እንረክብ ንግንዘብ።

እቲ ኣብዞም ቀዳሞት ኣመንቲ እተራእየ ዕጥቂ ናይ ተልእኾ ወንጌል ንዲማ ኣርኣያ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ምኳኑ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ኽግንዘቦ ይግባእ። ንሳቶም ብዕጥቂ መንፈስ ቅዱስ ብቑዓት ኰይኖም፡ ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመታት ዝተኸልዎ ወንጌል ክሳዕ ሕጂ ይቕጽል ከም ዘሎ ርኡይ እዩ። ብሰላሳን ሰለስተን ዓመታት ዘስለጥዎ ናይ ምዝርጋሕ ወንጌል ድማ ኣርኣያ ኰይኖም ሕጂ'ውን ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ይብድሁ ኣለዉ።

ብስራት ወንጌል ብርቱዕ ገድልን ዕንቅፋታትን ዝመልኡ፡ ነቶም ኣገልገልቲ ንምጥፋእ ዘኸተቱ ብርቱዓትን ብዙሓትን ተቓወምቲ ዝነበርዎ ሓያል ነገር እዩ ነይሩ። መስጐግትታትን ማእሰርትታትን፡ መግረፍትን ምቕጥቃጥን፡ ኣረ ሞት'ውን ኽይተረፈ ይሓትት ነይሩ።

ኣብ ልዕሊ እዚ፡ እዞም ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ዛንታኦም ብሕጽር ዝብለ ኣገባብ ተዋሂቡ ዘሎ ኣመንቲ፡ ብዙሕ ድኻም፡ መኽተርትታት፡ ማዕበላት ናይ መገሻታት ባሕሪ፡ ናይ ህዝብታት ኣምባጋሮታት ወዘተ ድማ ኣሕሊፎም እዮም።

እሞ፡ ንሰላሳን ሰለስተን ዓመታት ስለ ምንታይ ከይተሓለሉ፡ ብብርቱዓት ጸላእቲ ተሰኒፎም ድማ ኽይጠፍኡ፡ ነቲ ናይ ሓቂ ወንጌል ድማ ኽይቀጠኑ ገስጊሶም?... ተዓዊቶም ከኣ እምበር፡ ገስጊሶም ጥራይ ድማ ኣይተረፉን። ሴፍ ኣይመልሑ፡ ፈረስ ናይ ውግእ ኣየጋለቡ ... ግና ተዓዊቶም።

እቲ ዝዓበየ ዕጥቂ ምብሳር ናይ ወንጌል፡ እቲ ዝዓበየ ምስጢር ናይ ብወንጌል ምዂስኳስ፡ እቲ ዝዓበየ ገድሊ ናይ ወንጌል ምስጋር ወዘተ፡ እንታይ እዩ? ገንዘብ? … ኣይኰነን! ፍልጠት? … ኣይኰነን! ምምሕዳር? … ኣይኰነን! ብዝሒ ሰብ? … ኣይኰነን! ኣድላይነት ናይ እዚ ኩሉ እዚ ዘይክሓድ እኳ እንተ ኾነ፡ ገና ግና ኩሉ ካልኣዊ እዩ።

እቲ ቐንድን ዝዓበየን ምስጢር ምስፋሕ ናይ ወንጌልሲ፡ ብመንፈስ ቅዱስ እተመልኡ ኣመንቲ ምዃን እዩ። ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት፡ ኣብ ምዕራፋት …

- 1-7፡ ዛንታ ናይ ገደሊ ምስፋሕ ወንጌልን ምትካልን ኣብ የሩሰሌም ንረክብ።
- 8-12፡ ዛንታ ምስፋሕ ወንጌል ኣብ ይሁዳን ሰማርያን ንረክብ።
- 13-28 ምስፋሕ ወንጌል ኣብ ማእከላይ ምብራቕን፡ ሰሜን ኣፍሪቃን፡ በዓል ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ኤውሮጳን ከምኡ ድማ እስያን… ወዘተ ንረክብ።

የሱስ ክርስቶስ ምስ ተቐቢልኩምሲ፡ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስዶ ተሞኪርኩም?

---

ኣበይ … ? ካብ ገጽ 7 2ይ ዓመዲ ዝቐጸለ

እቲ ዘገርም ግና፡ እቲ ዝበለቶ ኣብ እዝነይ ኽደጋገም ጀመረ።

"…ክንዲ ምንታይ ሓጢኣት ክንዲ ምንታይከ ጽቡቕ ግብሪ ጌርካ ኢሉ ብምጉድዳል ኣይኰነን… ሰናይ ተግባር ሓጢኣት ኽድምስስ ኣይክእልን …" እዝስ ንምርድኡ ዘየማትእ ሓቂዶ ኣይኰነን? ኢለ ነዛ ነብሰይ ኽዋጥር ጀመርኩ።

ኣነስ ክፍእቲ ወይ ተንኰለኛ ሰብ ኣይኰነኩን፡ ከምዚኣ ገይራትኒ ከምቲኣ ድማ ደጊማትኒ ኢሉ ዝኸሰኒ ሰብ ድማ ዘሎ ኣይመስለንን። ግና ከምቲ ዝበለቶ፡ ሓንቲ ሓጢኣት ዘብለይ ሰብ ክኸውን ከኣ ኣይክእልን እየ። ሓጢኣት፡ ሓጢኣት እዩ … እሞ፡ እታ ዝነኣሰት ሓጢኣት ድማ ከም ሓጢኣት መጠን ከተኾንነኒ እኽልቲ እያ ማለት እዩ። እሞ መን ደኣ እዩ መንግስተ ሰማያት ክኣቱ? …

ኣብቲ ዝመጽእ ሕታም ክቕጽል እዩ . . .

---

ካብ መጻሕፍትን … ካብ ገጽ 25 - 2ይ ዓመዲ ዝቐጸለ

እኳ ክዝክሮ ኣይክእልን እየ፤ ዳርጋ ከም ሕልሚ ጥራይ ኰይኑኒ። ቀልጢፈ ክምለስ እየ ኢላትኒ ኣላ፡ ኣነ'ውን ስራሕ እደሊ ከም ዘሎኹ ነጊረያ። ብድሕሪ'ዚ ካብቲ ቤተ-ክርስትያን ተመሓዲግና ወጺእና፡ ነናብ መገድና ድማ ከድና።

ፍራንስዋ

## . . . . . .ዝኸበርካ ፍራንስዋ

ምሉእ ለይቲ ከይደቀስኩ ምስ ንብዓተይ ሓዲረ። ስለ ዘይተዛረብኩኻ፡ ንገዛእ ርእሰይ ጸሪፈያ። ልበይ ኣዝዩ መሉእ ነይሩ። ብዝሕ ዝዝረብ ድማ ነይሩኒ፡ ግና ኣይከኣልኩን። ሕጂ ድማ ዘይተገድሰኩልካ ወይ ቅጭ ከም ዘምጻ እካለይ ኰይኑ ኬሕስበካ ይኽእል ይኸውን። ግና ብምምጻእካ ካብ ሓጐስ እተላዕለ ምዝራብ ከም ዝሰኣንኩ ክትርድኣኒ ኣደሊ።

ብጀካኻ ካልእ የብለይን።

ስሲል

. . . . . . . . . . ክቕጽል እዩ . . . . . . .